# ዘሰደምም መደብ ዕንወት መንእሰያት ኤርትራ

Sunday, 18 April 2010 23:59

እቲ ብጀካ ስልጣኑ ካልእ ዘየገድሶ መንግስቲ ኤርትራ፡ ነቲ ዝዓበየ ጸጋ ሃገር ዝኾነ መንእሰይ ብኩሉ ሸነኹ ንምዕናው ከም መደብ ካብ ዝሰርሓሉ ግዜ ወሲዱ ኢዩ።

እስከ በዛ ሓዳስ መደብ ዕንወት መንሰያት ደቒ- ኣንስትዮ ኤርትራ ክንጅምር። ኣብ ኣመሪካ ኣብ ምዕቡል ዓለም ዝቐመጣ ምስ ኣብ ኤርትራ ዝቐመጣ ደቒ-ኣንስትዮ ኤርትራውያን ብምሽራኽ፡ ተሓለቕቲ፡ መሳሰይቲን መዳመቕትን ሰላማዊ ሰልፍን በዓላትን ዝኾና ብሓደ ወገን፡ እተን እንቢ እንተበላ ብጸጥታዊ ኩነታት ዋሕስና ዘይብለን፡ ብተወሳኪ ብሰንኪ ምረት ናብራ ነብሰን ክሸጣ ዝተገደዳ ኣሕዋትና ደቒ-ኣንስትዮ በቲ ካልኣይ ወገን፡ ብናይ ውሽጥን ወጻእን ደቒ-ኣንስትዮ ተንኮለኛ መደብ፡ ዕንወት ንጹሃት ደቒ-ኣንስትዮ ኤርትራውያን ይካየድ ኣሎ። መርወይቲ ስምዒት ሰበስልጣናት ኤርትራ ከኾና ኣሕሊፈን ዝህባ ሓላፍነት ዝጎደለን ደቒ-ኣንስትዮ ታሪኽ ከነዘንትወልኩም።

ንሎሚ ዝጥቐሳ ሰለስተ ደቒ-ኣንስትዮ ካብ ኣመሪካ፡ንሳተን ድማ ሶፊያ ተስፋማሪያም፡ ምሕረት ተወለደ ካብ ሲያትል፡ ኣልማዝ ተወልደ ሰለስቴን ካብ ኣመሪካ፡ መሻርኽተን ተቐማጢት ማይ ተመናይ ኣስመራ ዝኾነት ነብያት ተኽለ ዘሪሁን ኢየን። እንታይ ኣነዋሪ ገበን ይፍጽማ?

ኣልማዝ ተወልደ ወናኒት ገዛ ማይተመናይ ኢያ። ገዝኣ ሰፊሕ ብዙሕ ክፍልታት ኣለዎ ። ነዚ ገዛ ንወይዘሮ ነብያት ተኽለ ዘሪሁን ኣካርያታ። ነቢያት ተኽለ ነቲ ገዛ ናብ ዓቢ ዕንወት ንጹሃት ደቒ-ኣንስትዮ ዝቐንዔ ካብ ስነምግባር ወጻኢ፡ ብመደብ ዘይሕጋዊ ተግባር ዝፍጸመሉ ሰግረቶ ቀይራቶ ኣላ። ወናኒት ገዛ ኣልማዝ ተወልደ ብተኻራይት ነቢያት ተኽለ ዝፍጸም ዘሎ ኣነዋሪ ተግባራት ትፈልጦ ኢያ። ከም መደብ ናይ ረብሓ ሽርክነት ኣለወን`ዶ የብለንን? ወይስ ዋና ገዛ ኣልማዝ ተወልደ ናይ ሰበስልጣን መባዕለጊ ስለዝኾነ ኣፍኪ ዕጸዊ ተባሂላ እዝግሄር ይፈልጦ። ግዜ ድማ ነቲ ውዲት ከቓልዖ ኢዩ።

ሶፊያ ተስፋማርያም ኣስመራ ኣመሪካ መንገዲ ማይ ገይራቶ ወደኽደኽ ክትብል መን ዘይራኣያ? ኣብ መድረኽ ወጺኣ ኣለኩ ዝያዳ ኩሉ ሃገራዊት ኢያ እናበለት ተኣማንነታ ከተረጋግጽ፡ ተቓወምቲ ከም ከድዓት መሳርሒ ኣመሪካን ወያነን ኢዮም እናበለት ክትከሰስ መን ኣሎ ዘይሰምዓ። ሕሉፍ ሓሊፍዋ ኣብ ሰለማዊ ሰልፊ ናይ ኣመሪካ ከም ኣዋሃሃዲት ሰልፊ፡ ምስ ዳዊትን ኣልኣዛር ሃብተማሪያምን ኮይና፡ ናይ ኣሽሓት ፊርማ/ Petition/ ንኣመሪካዊት ሓላፊት ኤርትራን ጂቡትን ዝኾነት ማሪያ ኣረኪቦም፡ ናብቲ ሰላማዊ ሰልፊ ክትርኢ ሒዛታ ንደገ ከምዝወጸት ባዕላ ሶፊያ ተዛሪባ ሰሚዕና ተዓዚብና። ሶፍያ ተስፋማርያም ስለምንታይ እዚ ኩሉ ወደኽደኽ ትብል? ገለ ካብ መልሲ ሎሚ ተፈሊጡ ኣሎ፡ ዝተረፈ ድማ ግዜ ባዕሉ ከግህዶ ኢዩ።

ሶፊያ ተስፋማርያም ቐንዲ መሓዛ ነቢያት ተኽለ ዘሪሁን ወናኒት ሰግረቶ ማይ-ተመናይ ኢያ። ኣብ ሰግረቶ ማይተመናይ ሶፊያ ምስ ሰበ ስልጣናት ትሰቲ ኩሉ ነገራት ትገብር። ናይ ደቒ ኣንስትዮ ኣነዋሪ ተግባር ዝፍጸመሉ ቦታ ምኻኑ ኣጸቢቓ ትፈልጥ። ኣብ ሳዋ ምስ ዓሊ ዓብዱ ኣብ ኣስመራ ባጽዕ ምስ ፕረሲደንት ኢሰያስ ትገብሮ ሕቡእ ዝመስላ ጾታዊ ርክብ ብዙሓት ናይ ዓይኒ ምስክርነት ዘረጋጹዎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ምስ ፕረሲደንት ኤርትራ ዘለዋ ርክብ ብምግላጻ ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲት ከምዝኾነት ነብሳ ከተዕቢ፡ ክትጅሃረሉ ፍለጡኒ ሶፊያ ዝብል መልእኽቲ ተመሓላልፍ ዘላ ስለዝመስላ ባዕላ ትዛረበሉ ምኽና ዝፈልጡ/ጣ/ ውሑዳት ኣይኮኑን። ኣብ ውልቓዊ ሂወታ ድላያ ክትገብር መሰላ ኢዩ። ግና ብዋጋ መሰል ካሎኦት ክትዛረብ፡ ውልቓዊ ናይ ስምዒታ ርክብ ምስ ሃገራዊ ጉዳይ ኣትሓሒዛ ዝያዳ ኤርትራዊት ኮይና መሰል ካሎኦት ክትንክፍ ሕጋዊ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ኢሰያስ ንሱ ንሕና፡ንሕና ንሱ እንተበለት ኣየገርምን ኢዩ። ካብ ሃገራዊ ኣጠማምታ ከምዘይተበገሰት ተጋሂዱ ከም ጸሓይ ቐትሪ በሪሁ ኣሎ። ሶፍያ ተስፋማርያም ኣብ ኣመሪካ ምስ ሰበ ስልጣናት ኤርትራ ትገብሮ ሰብ ኣመሪካ ክውስኹሉ ተወሳኪ መግለጺ ከተቕርቡሉ ኣገዳሲ ኢዩ።

ሶፊያ ተስፋማሪያም ሕጂ ድማ ሕሉፍ ሓሊፉዋ፡ ኣንጻር መለስ ኣብ ኣለናልኪ ብዕለት 15/ april/2010 ጽሒፉ ኣላ። እቲ ጉዳይ ንመለስ ስለዝምልከት መለስ ይምልሸሉ። ዘይሓላፍነታዊ ተግባር ሶፊያ ካብ ዘገርም ግና ክንጠቕስ። ጽሑፉ ከምቲ ናይ ኢሰያስ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ብዛዕባ ኣመሰራርታ ታሪኽ ወያነ ከጸሓፍ ዝቐነየ ደጊማ ብእንግሊዝ ትጽሕፎ። እዚ ምርጫ ኢትዮጵያ ናጻ ኣይከውን ፍትሓዊ ኣይከውን ትብል።/ Neither Free nor Fair/ ግርም ሶፊያ ሓጺር ግዜ ተሪፍዎ ስለዘሎ ውጺኢቱ ብሓባር ንርእዮ። ኣህጉራዊ ተዓዘብቲ ናጻ ፍትሓዊ ዲዩ ኣይኮነን ናይ ምባል ሕጋዊ ሓላፍነት ስለዘለዎም፡ ምስክርነቶም ምሰማዕና ኣብ ዝተጨበጠ ምዝራብ ናይ ብሱላት ናይ ለባማት ስለዝኾነ፡ ሶፊያ ቕድሚ ምርጫ ፍርዲ ምሃብኪ ቓላት ኢሰያስ ምድጋምኪ የፍኩሰኪ ኢዩ። ኢሰያስ ኣብ ጎንኻ ከምዘለኹ ዝያዳ እመነኒ ጽሑፍካ ይደግም ኣለኩ

እንተኮይኑ ዕላማኺ ጽቡቕ ኣለኺ ዝበለኪ ሰብ ብጀካ ኢሰያስን መሪሕነት ህግደፍን ጥራይ ኢዩም። ለባም ሃገራዊ ሓታቲ ግና ስለምንታይ ኣብ ሕጋዊ መዳይ ምርጫ ኤርትራ ዘይግበር ዝብል ሕቶ ኢዩ ዝሓትት። ምኽንያቱ ኢሰያስ ምስ ኣልጀዚራ ጋዜጠኛ ሪዝ- ካህን ኣብዝገበሮ ቓለ መጠይቕ፡ (ኣብ assenna.com - **Riz Khan - Isaias Afwerki - 22 May 08** ተወከሱ) መኣስ ደሞክራሲያዊ ምርጫ ክትገብር ኢኻ ኢሉ ምስሓተቶ፡ ኢሰያስ 30-40 ዓመታት ምርጫ ከይተገብረ ክጸንሕ ይኽእል ኢሉ ከምዝመለሸ ኩሉ ዓለም ሰሚዕዎ። ደላይ ፍትሒ ዝኾነ ኤርትራዊ ድማ ገሪሙዎ ግና ኣምላኽ ኣሎ ኢሉ። ንኽልቲኤን ሃገራት፡ ንክልቲኦም መራሕቲ ቓልሲን መራሕቲ ሃገራትን ኣነጻጺርኪ ኣብ መሰል ኣብ ሕጊ ምርጫ ኣቲኺ እንተትዛረቢ መጸበቕልኪ። ምኽንያቱ ወያነ ኣብ ስልጣን ካብ ዝመጹ ከሳብ ሕጂ ሎሚ መበል 4ይ ምርጫ የካይዱ ኣለዉ። እቲ ምርጫ ደሞክራሲያዊ ዲዩ ኣይኮነን ንኢትዮጵያውያን ይምልከት። ሶፊያ ኢትዮጵያዊት ኢየ ባሃሊት እንተኮይንኪ ጽቡቕ ኣለኪ፡ ብኣንጻሩ ጉዳይ ኤርትራ ከምዘይምልከተኪ ክንስሓበኪ። ኤርትራዊት ኢየ ባሃሊት እንተኮይንኪ፡ ስለምንታይ 20 ዓመታት ኣብ ኤርትራ መሰል ምርጫ ዘይከበረ እንተትሓቲ ምሓሸኪ ካብ ናይ ካልኦት ሃገራት ምርጫ ትዛረቢ ትኸሲ።

ነቢያት ተኽለ፡ ካብ ኣቦኣ ዘሪሁን ምራጭ፡ ካብ ኣዲኣ ወ/ሮ ከበደሽ ተወልደመድህን ተወሊዳ ኣብ ባጽዕ ዝዓበየት ጓል 35 ዓመት ኢያ። ኣብ ዝተወሰነ ግዜ ተሰነይ ኣስመራ እናተመላለሰት ትሸቕጥ ነይራ። ኣብ 2000 ዓ.ም ኣብ ቤት ጽሕፈት ምክትታል ዶባት ተመዲባ ኣገልጊላ። እዛ ነቢያት ዘይትገብሮ የብላን ኩሉ ነገር ኢያ ትሸቕጥ። ኣብ ዝተፈላለየ በዓላት ካብተን ቐንዲ መሳሰይት መውደኽደኺት ኢያ። ማይ-ተመናይ ዘሎ ዘይሕጋዊ ባርን መደቐስን /ሰግረቶ/ ዝኾነ ሰብ ዝኣትዎ ሰግረቶ ዘይኮነ፡ ብፉሉይ መባዕለጊ ሰበስልጣናት ኤርትራ ኢዩ። ነቢያት ኣብ ቖሓውታ ዓቢ ገዛ ትውንን። ደቒ ኣንስትዮ ንወጻኢ ትሰድድ ብ8,000 ዶላር። መንእሰያት ደቒ ኣንስትዮ ብጸቕጥን ረብሓን ኣታሊላ ኣብቲ ሰግረቶ መርወይ ስምዒት ሰበስልጣናት ትገብረን። እዚ ኩሉ ኣነዋሪ ተግባር ስለምንታይ ተፈቒዱላ? ካብ ሰራዊት ብኽመይ ተፋንያ፡ ንብዙሓት ሰባት ይገርም ነይሩ፡ ግና ግዜ ሓልዩ ተቓሊዑ። እቲ ዘትኣማምና ሕቖ መን ምኻኑ፡ መደብ ዕንወት መንሰያት ከም ዕላማ ከተፈጽም ሰግረቶ ከምዝተፈቕዳ ተጋሂዱ። መሓዛ ሶፍያ ተስፋማርያም ዝኾነት ነብያት ተኽለ ዘሪሁን ንብሪጋደር ጀነራል ጠዓመ ጎይቶኦም /መቐለ/ ዘይወግዓዊት ጾታዊ ኣማኒቱ ኢያ። ምስ ብሪጋደር ጀነራል ተኽለ ማንጀስ ሓላፊ ምክትታል ዶባት ኢድን ጓንትን ኢያ ብኩሉ ነገር። ካብ ቤት-ጽሕፈት ምክትታል ዶባት ክትፋኖ ኢሰያስ ዲዩ ጀነራል ተኽለ ወይስ መቐለ ኣፍቒዱ።

ኣነዋሪ ዘይሕጋዊ ተግባር ምግሃስ መሰል ንጹሃት ደቒ ኣንስትዮ ኣሕዋትና ዘሕዝን ኢዩ። ኮነ ኢልካ ብመደብ ስለዝተገብረ ካብቲ ካልእ ዘይሰብኣዊ ዘይሕጋዊ ተግባር ፈሊኻ ዝርኤ ኣይኮነን። እንተኾነ ከም በዓል ሶፍያ ተስፋማርያም ካብ ኣመሪካ እናመጻ ዝሳተፍኦ፡ ነብሰን ንሰበስልጣናት ብድልየተን ምእንቲ ረብሓኤን ምሃበን ድልየተን መሰለን ኢዩ። ነቢያት ይኹን ሶፊያ ናይ ቐረባ መሓዙት ኮይነን ብዋጋ ንጹሃት ደቒ ኣንስትዮ ክጻወታ ዘይሕጋዊ ተግባር ኢዩ። ግዜ ንኩሉ በብሓደ የርእየና ስለዘሎ፡ እቲ ውድቕት ናይዞም ኣዕነውቲ ርሑቕ ኣይኮነን።

እታ ሳልሰይቲ ናይ ኣመሪካ ተቐማጢት ሲያትል ዝኾነት፡ ምሕረት ተግባሩ ኢያ። ኩሎም ሰበስልጣናት ኤርትራ ኣመሪካ ኣብ ዝኸድሉ ግዜ ቐንዲ ተቐባሊት ኣሳሳይት ኣጋይሽ ኢያ ኣብ ገዝኣ ይኹን ካልእ ቦታ። ብፍላይ ምስ ሓጎስ ኪሻን የማነ ገብረኣብን። ምሕረት ተግባሩ ካብቶም ቐንዲ ኣዳኻሪት መበኮርያን ዕጣንን መንግስቲ ኢያ። ናይ የማነ ማንኪ ብኣመሪካ ናይ መገሻ እገዳ ከምዝተገብረሉ ምስምዔት ናታን ናይ ሓዊ የማነ ማንኪ ወኪላ ናይ ሓዘኑ ተኻፋሊት ምኻና ዘረጋግጽ መልእኽቲ ሰዲዳትሉ። ብጀካ ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ኣመሪካ ኤውሮጳ ከምድልየታ ከምዘይትረኽቦ ስለዝተሻቐለት ናይ ሕልና ቅሳነት ከምዘይብላ ናይ ቐረባ ፈልጥታ ይገልጹ።

ሶፊያ ተስፋማርያም ነቢያት ተኽለ ክልተ መሓዙት፡ ምሕዝነተን ኣብ ናይ ሓባር ረብሓ ዝተመርኮሰ፡ ግንከ ኮነ ኢልካ ዝተመደበ ዕላማ ዘለዎ ኣብ ምዕናው ንጹሃት መንእሰያት ደቒ-ኣንስትዮ መርወይ ስምዒት ሰበስላጣናት መንግስቲ ኤርትራ ገንሸል ከኾና ዝግደዳ ሓላፍነት ዝጎደሎ ኣነዋሪ ዘይሕጋዊ ተግባር ኢዩ። ሃንደስቱ ስበ ስልጣናት ፈጸምቱ ሰበስልታናት፡ ኣቐናበርቲ ኣሳሰይቲ ክልተ ነውራማት መሓዙት ሶፊያ ተስፋማሪያምን ነቢያት ተክለ ዘሪሁን። እወ ንምስምዑ ዘሰደምም ዘገርም ኢዩ። ንምእማኑ ኣሸጋሪ ከምዝኸውን ርዱእ ኢዩ። እንተኾነ ኣብ ኤርትራ ዘይተነግረ ዘይተጻሕፈ እንተዘይኮይኑ፡ ዘይተፈጸመ ነገር የለን። መንሰያት ኤርትራ ብሓፈሻ፡ መንሰያት ደቒ-ኣንስትዮ ተገዲደን መርወይ ስምዒት ሰበስልጣናት ኤርትራ ኮይነን መሰለን ከምዝተጋህሰ፡ ክንደይ ኢልካ ክጽብጸብ። ካብተን መሰለን ዝተጋህሳ ኣብ ዲያስፖራ ዘለዋ ደቒ-ኣንስትዮ ብዙሓት መሰኻክር ኣለዋ። እዚ ኣነዋሪ ዘይሕጋዊ ተግባር ካብቲ መንሰያት ምርሻን፡ ኣብ ማእሰርቲ ብዘይፍርዲ ኣካላት ምምሳን፡ ኣብ ማእሰርቲ ዝሞቱ ኣውያቶም ዝይተሰምዔ፡ ከምዝሞቱ ዘይተገለጸ፡ ንቡር ንይ ቐብሪ ስነ-ስርዓት ዘይረኸቡ ብተደጋጋሚ ዝግለጽ መቐጸልታ ኢዩ። ዘይነበረ ዘየሎ ሓዲሽ ነገር ኣይኮነን።

ዘገርም መደብ ዕንወት መንሰያት ኣብ ካልኣይ ክፋል ናይ ካሎኣት ተመሳሳሊ ኣነዋሪ ተግባር ክቐርብ ኢዩ።

ካብ ደለይቲ ፍትሒ

ኣስመራ።

ምንጪ ፡ መርበብ ሓበሬታ ኣሰና